

# ጽውዓ ጊዴዎን

ብዳንኤል ተስፋይ

ታሪኽ ናይ ጊዴዎን ኣብ መጽሓፍ መሳፍንቲ፡ ምዕራፍ ሽዱሽተ ክሳዕ ምዕራፍ ሸሞንተ ተጻሒፉ ንረኽቦ። እዘን ሰለስተ ምዕራፋት እዚኣተን ብዛዕባ ኣገልግሎት ዝምህረና ብዙሕ ነገራት ንረኽበለን።

ጊዴዎን፡ ደቂ እስራኤል ብሚድያውያን ኣዚዮም ተጨኒቖምሉ ኣብ ዝነበረ ጊዜ እዩ ዝነበር ነይሩ። ድሕሪ ሞት ናይ እያሱ፡ ደቂ እስራኤል ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበሩ ዝብል ብተደጋጋሚ፡ ብዙሕ ጊዜ ተጻሒፉ ንረኽቦ። ብኡ ምኽንያት ከኣ እግዚኣብሄር ንጸላእቶም ኣሕሊፉ ይህቦም ነበረ። እሞ፡ እቶም እግዚኣብሄር ምስኣቶም ብምዃኑ ንጸላእቶም ኣብ ኢዶም እናሃበ ብዱቡቓት ገይሩ እናተዋጋኣሎም፡ ንሰላሳን ሓደን ነገስታት ስዒሮም ካብ ጸላእቶም ዓሪፎም ዝነበሩ ህዝቢ ሕጂ ግና ክሰዓሩን ክዋረዱን ንርእዮም። ኣብዚ ጊዜ እዚ ኢድ ሚድያውን በርቲዓ ከበደቶም፤ ንሸውዓተ ዓመታት ዝኣክል ከኣ መረረቶም። ነፍሶምን እኽሎምን ኣብ ፈቐዶ ኣኽራናትን በዓትታትን ጉዳጕድን ኣብ ዝሓብእሉ እዋን ከኣ በጽሑ።

ጸጊምዎ ብሽግር ምስ ተላዕጠጠ፡ *ኣንታ ጐይታ!* ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ዘየእዊን ዘይምህለልን ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። መብዛሕትኡ ጊዜ ግና ኣብ ራህዋ ምስ በጽሐን ምስ ጠዓሞን ኣዒንቱ ኣብ ክንዲ ናብቲ ዘርሃወሉ ኣምላኽሲ ናብ ካልእ ገጹን ደኣ የድህባ። ደቂ እስራኤል'ውን ከምኡ እዮም ነይሮም። እግዚኣብሄር ግና ቂም ዘይሕዝ፡ ምሕረቱ'ውን ዘይውዳእ ስለ ዝኾነ ንገዓሮም ከቶ ዕሽሽ ከይበለ ንምህለላኦም ይምልሽ ነበረ። ሕጂ'ውን ካብ ኢድ ሚድያን ኼኽናገፉስ ንጊዴዎን ጸውዖ።

ኣብቲ እዋን እቲ፡ ጊዴዎን ሚድያውያን ዘይረኽብወን ቅሩብ ስርናይ ካብ ግራቱ የእቱ ነበረ። ነዘን ስርናይ ክዘብጥ ድማ ንፋስ ናብ ዘለዎ ዓውዲ ኣብ ክንዲ ምኻድሲ፡ ካብ ሚድያውያን ክሕብእ ናብ መጽሞቒ ወይኒ ይኸይድ ነበረ። ኣብኡ ድማ ይመጹዶ ኣይመጹን፡ ኣብ ሸልብ ግልቡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ተራእዮ።

ኣብዚ ኽንስተብህለሉ ዘሎና ዓቢ ነጥቢ፡ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄርሲ ንጊዴዎን ኣብ ቤቱ፡ ወይ ከኣ ኣብ መገዲ፡ ወይ ድማ ኣብ ካልእ ቦታ ክረኣዮ ይኽእል ከሎስ፡ ስለምንታይ ነዛ እዋን እዚኣን ነዛ ቦታ እዚኣን መረጸ? መልሱ ዘማትእ ኣይኮነን። ጊዴዎን ፈሪሁ እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ኣሉ ክበሃለሉ ኣብ ዘይከኣል ኩነታት ኽረኽቦ ኣድላዪ ኢዩ ነይሩ። እቲ ዘገርም ከኣ ፈሪሁን ጃጅዩን እናረኣዮ ኸንሱ፡ ኣብ ክንዲ *ኣታ ፈራህ፡ ኣብዚ እንታይ ትገብር?* ዝብሎስ "...ኣታ ሓያል ጅግና..." ይብሎ። ጊዴዎን በዚ ኣዝዩ ደንጽዩዎ ዝነበረ ኰይኑ ይስማዓኒ።

ኣስዕብ ኣቢሉ፡ እቲ መልኣኽ፡ "እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ፡" ምስ በሎ ኸኣ ዘስደምም ኰይኑ ምርካቡ ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብሚድያውያን ተመሪሮም እዮም ነይሮም። ደሓር ከኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ጸላእቶም ዝረኽብዎ ዝነበሩ ዓወት ኩሉ ብሓይሎም ወይ ብኽእለቶም ዘይኮነስ እግዚኣብሄር ምሳታቶም ስለ ዝነበረ ምዃኑ ጊዴዎን ኣርጊጹ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። እሞ፡ "ኣየ ጐይታይ፡ እግዚኣብሄር ምሳና



እንተልዩ ደኣ እዚ ኹሉ ስለምንታይ ረኸበና?... ሓዲጉናስ፡ ኣብ ኢድ ሚድያን እኳ ኣሕሊፉ ሂቡና፡..." በሎ። እቲ ግደ ሓቂ ግና፡ ህዝቢ እስራኤል ደኣ'ዩ ምስ እግዚኣብሄር ዘይነበረ'ምበር እግዚኣብሄርሲ ካባታቶም ከቶ ኣይተፈለየን።

እቲ ጽሑፍ ኣብ 6፡14፡ እግዚኣብሄር፡ "ልኢኸካዶ ኣይኮንኩን? በዚ ሓይልኻ እዚ ኪድካ ንእስራኤል ካብ ኢድ ሚድያን ኣድሕኖም...።" ክብሎ ኸሎ ንርኢ። በዚ ሓይልኻ ዝብሎስ በየናይ ሓይሊ እዩ? ጊዴዎንሲ ካብቲ ዝደኸየ ዓሌት፡ ዓሌት ምናሴ ምንባሩ ጥራይ ከይኣኽሎስ፡ ኣብ ቤቱ'ውን እቲ ዝንኣሰ እዩ ነይሩ። እሞ፡ እሱ'ውን ንምርዳእ ዘሸገሮ ይመስል። ኣብ እስራኤል ካብኡ ዝበልጹ ማእለያ ዘይብሎም ከም ዝነበሩ ጥራይ ዝሓስብ ዝነበረ ይመስል። ነቶም ቁጽሪ ዘይብሎም ምብዛሖም ድማ ከም ኣንበጣ ኰይኖም ዝመጹ ሓያላት ከም ንሓደ ሰብኣይ ከም ዝወቕዖም ተነግሮ። እዚ ንጊዴዎን ኣብቲ መሕቢእኡ ከሎ ከም ሕልሚ ኰይኑ ከም ዝደንጽዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን።




ኣብዚ ኽንስተውዕለሉ ዘሎና እግዚኣብሄር ነቲ ድኹምን ፈራህን መሪጹ ንዓቢ ተልእኾ ዝቐብእ ምዃኑ እዩ። እቲ ዘገድስ መን ምዃኑ ዘይኮነስ እግዚኣብሄር ምስኡ ምህላዉ ጥራይ እዩ። እግዚኣብሄር ምስኡ ምስ ዝኸውን ከኣ፡ እቲ ድኹም ሓያል፣ እቲ ፈራህ ተባዕ፣ እቲ ዝዋረድ ክቡር፣ እቲ ተስፋኡ ዝጸልመተ ንሓያሎ ናብ ተስፋን እምነትን ዘብጽሕ ይኸውን።

እምበኣር፡ እግዚኣብሄር ንዕዮኡ ዝመርጾ ነቲ፡ *ግዲ የብልካን! ባዕለይ ኣለኹሉ። እዚስ ኣባይ ግደፎ!* ... ወዘተ፡ ኢሉ ብርእሱ ተኣማሚኑ ሸንዳሕዳሕ ዝብል ሰብ ዘይኮነስ፡ *ኣነስ፡ ኣይክእሎን'የ፡ ግና እኔኹ፡* ኢሉ ትሕት ንዝብል እዩ። ከምኡ'ውን እቲ ናብኡ ዝጥምት ደኣ እምበር ናብቲ ኹነታት ዘተኩር ኣይኮነን ዝደሊ። ሓንቲ ቅርያብ እቲ ኽትሳገረሉ ዝደለየት ድልድል ንዓኣ ከሙሉቕ ዝኽእል ነቓዓት ስለ ዝነበሮ ከይትሰቱኽ፡ ንምስጋር ፈርሀት። ኣጋጣሚ ኾይኑ ግና ሓርማዝ ክመጽእ ርእያ ተጸበየት። ኣብኣ ምስ በጽሐ ኸኣ ኸሳግራ ለመነቶ። ንሱ ኸኣ፡ "ክንደየናይ ከይትኸብደኒ፡ ደይቢ፡" በላ። ኽሳገሩ ከለዉ እቲ ድልድል ሰሰው-ሰሰው በለ ንሳ'ውን ተፈሊጥዋስ ኣስተብሃለትሉ። ምስ ተሳገሩ፡ ወያ ቑርያብ ወሪዳ፡ "ኣነቓኒቕናዮ እምበር!" በለቶ ይበሃል።

ኣብ ዛንታ ናይ ጊዴዎን ምልስ ምስ እንብል፡ ከኣ ሰላሳን ሰልስተን ሽሕ ሰብኣይ ተሰሊፎም ንውግእ ምስ ተቐረቡ፡ "እግዚኣብሄር ንጊዴዎን፡ ኣነ ንሚድያን ኣብ ኢዶም ከይህቦም፡ እስራኤል፡ ኢደይ ኣድሓነትኒ፡ ኢሉ ኸይዕበየለይ፡ እዚ ምሳኻ ዘሎ ህዝቢ እምብዛ በዚሑ፡ ፈራህን ተሸባርን ዘበለ ይመለስ፡ ካብ ከረን ጊልዓድ ይኺድ፡ ኢልካ ኣውጅ፡ ...።" ክብሎ ኸሎ

ንርኢ። (መሳ 7፡2)

ኣሕዋተየ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ሰማያዊ ዕ ዮኡ ክንዓዪ ንዓና ይጽበየና ኣሎ። ከምቲ ቃሉ ዝብሎ ድማ "እቲ ዕዮ ብዙሕ እዩ። ዓየይቲ ግና ውሑዳት እዮም።" ኣብ ቤተ ክርስታያን ዘገልግሉ ሰባት ኣዝዮም ውሑዳት እዮም። እቲ ናይ መብዛሕትኡ ሰብ ሽግር ድማ ከም ናይ ጊዴዎን፡ *ኣነ ንእሽቶይ እየ... ዓቕሚ የብለይን፡... በዓል እከለ እዮም ኽገብሩዎ ዝኽእሉ ... ኣጸቢቓ እኳ ዘይፈልጦ...* ወዘተ፡ ዝብል ምኽንያታት እዩ። ንጊዴዎን ጥራይ ዘኰነስ ካልኦት'ውን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፎም ዘለዉ ኣገልገልቲ ከምኡ ዝበሉ ከም ዘለዉ ንዝክር ኢና።




እግዚኣብሄር ግና ነቲ ኣይክእልን እየ ዝብል ሰብ መንፈሱ ኣዕጢቑ ኣብ ዕዮኡ ዘውፍሮ፡ ጐይታይ፡ እኔኹ ንዓይ ልኣኸኒ ዝብል ይደሊ ኣሎ።

ስራሕ ጐይታ ብመንፈሱ ጥራይ እዩ ክስራሕ ዝግብኦ። ናትና ሓይልን ክእለትን ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ ናትና ናብኡ ምውካል እዩ።

እምበኣርሲ ሎሚ ወንጌል ኻሺይንነግር፡ ኻሺይንምስክር፡ በቲ እግዚኣብሄር ዝደልዮ መዳያት ኩሉ ድማ ኻሺይንዋፈር ዝገብ ረናስ ስለ እንፈርህ ዶ ኾን ይኸውን? ምናልባሽ ካልኦት ኽገብሩዎ ስለ ንጽበ ዶ ኾን ይኸውን? ጐይታ ንዓና ይጽበ ከይህሉ ርእስና ኽን ምርምር የድልየና።

እታ ሳምራዊት ዝተማህረቶ ብዙሕ ትምህርቲ ኣይነበረን፡ ግና ንብዙሓት ናብ የሱስ ኣምጽኣት።

እግዚኣኣብሄር ዘይፈልጦ ነገር የሎን። ድኹማት ዘይኽእል ኰይኑ እኳ እንተ ተሰምዓና፡ ዘይምኽኣልና ተኣሚንና፡ ኣብ ትሕቲ ጐይታ ትሕት ምስ እንብል እቲ ዝተረፈ ባዕሉ ኣለዎ።

ፍቓዱን ንዓና ዘለዎ መደብን እንታይ ምዃኑ እናሓተትና፡ ብሓይሊ ጐይታ ንእኡ ደው እንተ ንብልሲ፡ ከመይ ንምድሓንን ንበረኸት ብዙሓትን ኰን ምኾንና? ከም ኢሳይያስ፡ "እኔኹ ልኣኸኒ፡" ንበል።(ኢሳ 6፡8)